ጋዜጣዊ መግለጺ
24/04/06

# ኣብ ኦፍንባኽ ከባቢ ፍራንክፎርት (ጀርመን) ዝተዳለወ ናይ ህግደፍ ስእላዊ ምርኢት ካብ ተጣበቕቲ ሰብኣዊ መሰላት ተቓውሞ ኣጋጢምዎ፣

ኣብዝ ሓለፈ ቀዳም ዕለት 22 መጋቢት ኣብ ሰዓት 7 ናይ ምሸት፣ ኣብ ከባቢ ፍራንክፎርት እትርከብ ኦፍምባኽ እትባሃል ከተማ ጀርመን ብቖንስል መንግስቲ ኤርትራ ዝተዳለወ ናይ ስእሊ ምርኢት ካብ ተቓለስቲ ሰብኣዊ መሰላት ነበርቲ ጀርመን ተቓውሞ ኣጋጢምዎ። ዕላማ ናይቲ ተቓውሞ ኣብ ትሕቲ “ሙስሉይ ውልቀ መሻኺ” ዝብል ሓሳብ ትበጊሱ ነቲ ብጉልባብ ቅርስታትናን ባህሊ ህዝቢ ኤርትራን ጌርካ ንተነጽሎ ስርዓት ህግደፍ ምምሕያሽ ዝብል ሓዲሽ ፖሊሲ ዝመስል ምኽሽሑዩ ኔሩ። በዚ መሰረት ብምትሕብባር ትብግሶ ሕልና ኤርትራ ኣንጻር ኩናትን ማሕበር ስኒት ሰላምን ብሓባር ብዝገበርዎ ወፍሪ ነቲ ሓቀኛ ባህሪ ናይ ስርዓት ህግደፍ ዘርኢ ምድላዋት ብምግባር፣ ነቶም በጻሕቲ ናይቲ ቤተ መዘክር መልእኽቶም ኣማሓላሊፎም። ኣብቲ ኣጋጣሚ ካብ ፍራንክፎርትን ከባቢኣን ዝተረኽቡ ጉድሳት ዜጋት ዝተፈላለየ ናይ ፖለቲካ ኣራእያ ዘለዎም ኤርትራውያንን ፍተውቲ ፍትሕን ምኽባር ሰብኣዊ መስላት ዝኾኑ የዕሩኽ ጀርመናውያን ተረኺቦም ኔሮም።

ኣብቲ ዝተገብረ ተቓውሞ ንበጻሕቲ ዝኸውን ዝተፈላለዩ ጭርሖታትን ጽሑፋት ብትግሪኛን ብቋንቋ ጀርመንን ዝተጻሕፉ ተዓዲሎም።

ከም ውትሩ ወከልቲ ኮንስል በቲ ዝተገብረ ተቓውሞ ተሰናቢዶም ዝሕዝዎን ዝጭብጥዎን ሲኢኖም፣ ንኽዕንቅፉኹ እንተፈተኑ፣ በቲ ናይ ጀርመን ደሞክራሲ ዘፍቅዶ መሰልና ተጠቒምና ግን ነቲ ዝተደልየ መልእኽቲ ካም ምምሕልላፍ ክኽልኩሉና ኣይካኣሉን።
በዚ መሰረት ንኸንቲባ ናይታ ከተማ ሚስተር ሆርስት ሽናይደርን ንሓላፊ ቤተ መዘክር ሚስተር ክሪስትያን ራትከን ብኣካል ብምርኻብ ነቲ ዘምጻኣና ጉዳይ ሰብኣዊ መሰላት ኤርትራ ብሰፊሕ ከነረድእ ዕድል ተዋሂቡና።
ብወገን ኮንስል ሓላፊ ህዝባዊ ርክባት ኣቶ ተኽሉ ለባሲ ተረብሹን ሰንቢዱን ካብቲ ሙዝዮም ተታሓሒዙ ምስ ሓልፊ ምስ ወጸ፣ ምስቶም ተቓዉምቲ ኣብ ዝገበሮ ናይ ቃላት ምልውዋጥ ከፈራርህን ንነገራት ክጠውንኹ እንተፈተነ፣ ተቓዉምቲ ግን እዚ ቅጭጭ ከይበሎም ጉዳዮም ቀጺሉ። እቶም ሓለፍቲ ኮንስል ተረብሾም ከምዝነበሩ ዘርኢ ድማ ገለ ካብቶም ሰሯሕተኛታት ኮንስል ወዲ ደባስ ተባሂሉ ዝጽዋዕ ካብቲ ዝመደብዎ ስዓታት ደንጊዩ ድሕርቲ ከንቲባ ናብ ቤተ መዘክር ምምጽኡ፣ ክሳዕ ክንደይ ዑቱባት ወከልቲ ሃገር ከምዘይኮኑ ተወሳኺ መርቶያዩ።
ብጀካዚ ናብቲ ቤተ መዘክር ንኻእቲ ወዲ ደባስ ጠፊእዎ ዓወንወን ድሕሪ ምባሉ፣ ነቶም ምእንቲ መሰል ኤርትራውያንን ደሞክራስያዊ ስርዓት ኣብ ኤርትራን ንኽታኣታቶ ዝጠልቡ ዝነበሩ ተቓለስቲ ናይ ባዕለገ ዘርኢ ኣጻብዕቱ ብምውጻእ፣ ክሳብ ክንደይ ሑሱር ሰብ ከምዝኾነ ኣርእዩ።

ብዝኾነ በዚ ኣጋጣሚ ነቶም ኣብቲ ናይሓጺር ጊዜ ምልክታ ብማሃብ ጥራሕ ኣብቲ ተቓውሞ ዝተሳተፉ እናመስገና፣ ደጊምና ብታሪኻዊ ቅርስታትናን ባህልንናን ቀናኣት ምኻና እናሓበርና፣ ሓቐኛ ባህሪ ናይ መንግስቲ ኤርትራ ብዕሊ ምውጹኡ ግን ህዝብና ይጥቀም እምበር ኣይጉዳእን ዝብል እምንቶ ብምሓዝ፣ ኣብ ካልእ ኣጋጣምውን ነቲ ስርዓት ዘጋልጹ መደባት ክንገብር ምኻናውን በዚ ኣጋጣሚ ክንሕብር ንፈቱ።

ኣብ መወዳእታ ደጊምና ናብቲ ናይ ዓርቢ 28/04/06 ናይ በርሊን ሰልፊ ብዓሓን ምጅ ብምባል ነዘኻኽር።

1) ተበግሶ ሕልና ኤርትራ ኣንጻር ውትህድርናን
2) ማሕበር ስኒት ሰላም ፍራንክፎርትን።

## ኣብቲ ዕለት ተቓውሞ ንህዝቢ ዝተዓደለ ሓጺር ጽሑፍ፥

## ሙስሉይ ውልቀ መላኺ



ንሕና እዞም ሎሚ ኣብዚ ተቓዉሞና ነሰምዕ ዘሎና ኣብ ሃገረ ጀርመን እንነብር ኤርትራውያን ተጣበቕቲ ሰብኣዊ መስላት ኮይንና፥ ነቲ ብመንግስቲ ኤርትራ ዝካየድ ዘሎ ንሰብኣዊ መሰላት ህዝብና ዝቐጥጥ ፖሊሲ ኣጥቢቕና ንቃወም ኣሎና። በዚ ኣጋጣሚ ኘኹሎም በጻሕቲ ናይዚ ዝቐርብ ዘሎ ኤግዚብሽን፥ ብዛዕባ መንግስቲ ኤርትራ ሓቀኛ ባህሪ ክንሕብር ንፈቱ።
ብቡዙሓት ኡሙናት ማሕበራት ከምዘተረጋገጸ፥ መንግስቲ ኤርትራ ካብቶም ንዲሞክራስን ነጻነት ናይ ደቂሰባትን ዝገፉ ስርዓታት ብቐዳምነት ዝስራዕ ምኾኑ ይፍለጥ። ብሰንኪዚ ኤርትራ ምናልባት ካብ ዓለም እታ እንኮ ቅዋም ዘይብላ ሃገር ኮይናላ። ከምኡውን ካብተን ውሑዳት ናይ ፕረስ ነጻነት ዝነፍጋ፥ ፖለቲካዊ ቡዙሕነትን፥ ነጻ ፍርዳዊ ኣገልግሎትን ዘይብለን ሃገራት ሓንትያ። መንግስቲ ኤርትራ ኩሎም ናይ ሓደ ምልካዊ ኣገዛዝኣ ዘካይድ ባህሪ ዝሓዘ ስርዓትዩ።
ቁጠባ ናይታ ሃገር ናብ ትሕቲ ቁጽጽር ገዛኢ ህግደፍ ወይ ብወታሃደራዊ ምምሕዳር ብምእታዉ፥ ተረሚሱ ይርከብ።
ኣብ ኤርትራ መሰል ብሕልና ንውትህድርና ምንጻግ ዘይሕሰብ ኮይኑ፥ ቡዙሓት ንውትህድርና ኢሎም ዝተወስዱ መንእሰያት ግቦኦም ምስ ፈጸሙ ናብ ቤቶም ዘይምለስሉ ኩነታት እዩ ዘሎ። እታ ሃገር ኣብ ትሕቲ ፍጹም ውልቀ መላኺ ዝኾነ መራሒ ፕረሲደት ኢሳያስ እፎርቂ ትሳቐላ።
ኣብ ሀገርና ህዝብና መሰረታዊ መሰሉ ተነፊጉ-- ኣደዳ ዘይሕጋዊ ማእሰርቲ፥ ዓፈናን ድሃይ ምጥፋእን፥ ምቕንጻል፥ ምቕጥቃጥን፥ ዘይሰብኣዊ ኣተሓሕዛ ቤት ማእሰርትታት፥ ኣብ ልዕሊ ናይ ሃይማኖት ሰባት እናኸፍአ ዝኸይድ ዘሎ ምግፋዕ፥ ናይ ኣስገዳድ ዕስክርና፥ ኣብ ልዕሊ ደቂ ኣንስትዮ ዝግበር ጾታዊ ናይ ስጋዊ ርክብ ዓመጻት፥ ልሙዳት ተግባራት ናይቲ ስርዓት ኮይኖም ኣለዉ።
እቲ ዝኸፍአ ድማ ኣብ ልዕሊቶም ካብ ውትህድርና ዝሃደሙ ተባሂሎም ዝእሰሩ መንእሰያት ኮይኑ፥ እዞም ከምዚኦም ዝኣመሰሉን ካልኦት ኡሱራትን ካብ ባጽዕ ብዙሕ ርሕቀት ዘይብለን ደሴታት ዳህላክን ከባቢኣን ተኣሲሮም ይሳቐዩ ክምዘለዉ ይፍለጥ። ነዚ ኹሉዚ በብእዋኑ ዝውሰኽ ዘሎ ቁጽሪ ናይ ስደተኛታት እኹል ምስክርዩ። መብዛሕቶኦም እዞም ስደተኛታት ንሂዉቶም ቀቢጾምዮም ኣብ ገማግም ናይ ኣውሮጳ ሃገራት ዝበጽሑ ዘለዉ። ብኣማኢት ዝቑጸሩ ኣብ ሃገረ ጀርመን ከምዘለዉ ይፍለጥ።
መንግስቲ ኤርትራ ኣብዚ እዋንዚ ካብ ምዕራባዉያን ሃገራት ጠቕላላ ናይ ምንጻል ጸገማት [በጺሑዎ](#) ይርከብ። ነዚ ሕፍረቱ ንምሽፋን ኣብ ቦቦቱኡ ናይ ባህላዉን ታሪኻውን ቅርስታት ሃገርና ብምጥቓም ነቲ ዘለዎ ዘሕፍር ኩነታት ክቕይር ህርድግ ክብል ይረአ። ኮይኑ ግን እቶም ዝግበሩ ምርኢታትን ዓውደ መጽናዕትታትን ነቲ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ኣተሓሕዛ ሰብኣዊ መሰላትን ንባህሪ ናይቲ መንግስትን ክቕይሮ ኣይክእልን።
እወ ሓቅዩ፥ ኤርትራ ሃገርና ብታሪኻዊን ባህላውን ቅርስታትን ዝተዓደለትያ። ንሕናውን በዚ ሃብታም ባህልናን ቅርስታትናን ኘኮርዕን ንሕበንን። ነገር ግን እዚ ሕጂ ኣብ ስልጣን ዘሎ መንግስቲ ንባህልናን ቅርስታትናን ንምዕቃብ ፈጺሙ ዝግደስ ከምዘይኮኑ ክነረድእ ንፈቱ። ንኣብነት እዚ ኣብዚ ቀረባ እዋን ብመንግስቲ ኘኽፈርስ ዝተገብረ ኣብ ከተማ ባጽዕ ዝነበረ ንበጻሕቲ ከምዝስሕብ ዝእመነሉ ቪላ ናይ ሜሎቲ ምጥቃስ ይካኣል። እዚ ብ1960 ኣብ ባጽዕ ዝተሰርሐ ቪላ ምፍራሱ ዘይሓላፍነታዊ ኣካይዳ እቲ ስርዓትዩ ዘንጸባርቕ።
ስለዚ እዚ ሎሚ ምሸት ኣብ ላይደርሙዝዮም ብኣምባሳደር ጴጥሮስ ጸጋይ ዝኽፈት ዘሎ ኤግዚቢሽን፥ ንሓልዮት ቅርስታትን ባህልናን ተባሂሉ ዘይኮነስ፥ መንግስቲ ካብቲ ወዲቑሉ ዘሎ

ዓዘቕቲ ንምውጻእ ኢሉ ዝገብሮ ከንቱ ፈተነ ምሾኑ ኩሉ በጻሓይ ክግንዘበልና ብትሕትና ንሓትት።

ጠለብና ኣብ ኤርትራ ሓደ ብሕግን ስርዓትን ዝሰርሕ ደሞክራስያዊን መባእታዊ መሰል ናይ ህዝብና ዘኽብር ስርዓት ብቑልጡፍ ንኽታኣታቶዩ።

1) ተበግሶ ሕልና ኤርትራ ኣንጻር ውትህድርና፤
2) ማሕበር ስኒት ሰላም ፍራንክፎርት።